# ናይ ምዕራብ ሃገራትን
# ኣህጉር ኣፍሪቃን ህዝባን

ብተስፋማርያም ሓጎስ

ኣብዛ ዘሎናያ ዓለም ካብ ዘለዋ ኣህጉራት ወይ ክፍለ ዓለማት እታ ንህይወት ዝጠዓመ ክሊማን ባህርያዊ ሃብትን ዘለዋ ክፍለ ዓለም ወይ ኣህጉር ኣፍሪቃ እያ። ቅድሚ ኤውሮጳውያን ኣብ መጀመርያ መበል ዓሰርተው ትሽዓተ ክፍለ ዘመን ንኣፍሪቃ ምርጋጾም ህዝቢ ኣፍሪቃ በቲ ብኩለንትናኡ ንህይወት ምቹእ ዝኾነ ባህሪ ዝዓደሎም ጸጋታት ጸጊቦምን ተሓጒሶምን ይነብሩ ኔሮም።ምዕራባውያን መጽሓፍ ቅዱስ ሒዞም ብምእታው ነቲ ገርህኛ ህዝቢ መጽሓፍ ቅዱስ ኣረኪቦም መሬቱ ወሰድሉ። ንሱ ንሰማይ ኣንቃዕሪሩ ናብ ኣምላኽ ክጥምት ንሳቶም ከኣ ኣዒንቶም ናብ መሬት ብምትካል ንህዝቢ ኣፍሪቃ ኣጽኒትካ ብሽመይ ኣብ ኣፍሪቃ ብሰላምን ቅሳነትን ትነብር ይሓልሙን ይትልሙን ነበሩ። ኣብ 1885 ኩሎም ናይ ምዕራብ ሃገራት ኣብ ከተማ በርሊን በቲ ንኣፍሪቃ ንምጉዝዛይ ዝዓለመ ብ Scrumble for Africa ዝፍለጥ ዋዕላ ንኣፍሪቃ ተመቓቒልዋ። እቲ ገርህኛ ህዝቢ ኣፍሪቃ በቶም መጽሓፍ ቅዱስ ሒዞም ሃዋርያ ክርስቶስ ተመሲሎም ዝኣተዉ ተንኮለኛታት ኤውሮጳውያን ተጎብጠ። ኤውሮጳውያን ካብቲ ዝተፈላለየ ሜላታት ተጠቒምካ ንህዝቢ ኣፍሪቃ ምጽናት ስርሐይ ኢሎም ተተሓሓዝዎ። መስኪን ህዝቢ ኣፍሪቃ ብገዛእ መሬቱ ተመንዚዑ ኣገልጋሊ ናይቶም ጸዓዱ ሰፋሮ ኮነ።ካብ ዝሰብሐ መሬት ተሰጕጉ ናብቲ ንቑጽ ወይ ድማ ናብቲ ዓሳዊ ቦታታት ብምስፋር ብሕማምን ጥሜትን ከም ቆሎ ከም ዝረግፍ ገበርዎ። ከተማታት ኤውሮጳ ብጉልበት ጸለምቲ ኣፍሪቃውያን ተሃንጻ። እቶም ኣብ ኤውሮጳ ንሕሱር ጉልበት ኮታ ንባርነት ዝመጹ ብዝወጽእዎ ከይተመልሱ ጠፊኦም ተረፉ። ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ነንሓድሕደን ኲናት ኣብ ዝገብራሉ እዋን ወዮም ብዘይ ደሞዝ ዝተዓስከሩ ኣፍሪቃውያን ኣብ ቅድም ብምስላፍ ከም ዝሃልቁ ይገብርዎም ኔሮም። ኣብ ኣፍሪቃ ዝኾነ ሕማማት ምስ ዝኣቱ ኣፋውስ ብምኽልኻል ህዝቢ ብኣልማማ ከም ዝሃልቕ ይገብሩ።ኣብ ኣፍሪቃ ናይ ዓሌትን ቀቢላን ሃይማኖትን ክንዲ ቍልዒ ትኣክል ሽግር እንተ መጺኣ ገሊኦም ብምጕጕሃር ገሊኦም ኣጽዋር ንክልቲኡ ወገን ብምሃብ ንሓድሕዱ ከም ዝተሃላለቕ ይገብሩ። ከም ኣብነት እንተወሲድና እቲ ቅድሚ ቅሩብ ዓመታት ኣብ ሩዋንዳ ኣብ መንጎ ክልተ ዓሌት ዝተኸስተ ግጭት ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ዜጋታት ናይታ ሃገር ሃሊቖም።ናይ ምዕራብ ሃገራት ካብ ኣማዕዲኻ ምርኣይ ካልእ ዝወሰድዎ ስጉምቲ ኣይነበረን።ንምንታይ ! ከምኡ ክኸውን ስለ ዝደልይዎ። እቲ ኣብ መፋርቕ ሰማንያታት ዝተቐልቀለ ሕማም ኤች ኣይ ቪ ኤይድስ ብኸመይን ካበይን ናብ ኣፍሪቃ ኣትዩ ዝብል ንጐድኒ ገዲፍና ዝርጋሔኡ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ከመይ እዩ ኢልና ምስ እንሓትት ፡ ገሊኤን ሃገራት ኣፍሪቃ  ልዕሊ 60% ካብ ህዝበን በዚ ቀዛፊ ሕማም ዝተለኽፈ እዩ። እዘን ሃገራት እዚኣተን ድሕሪ ሒደት ዓመታት ጸኒተን ወይ ውን ናይ ሰብ ምድረ በዳ ኮይነን ማለት እዩ።እቲ በዚ ሕማም እዚ ዝያዳ ዝልከፍ እቲ ውዑይን ኣፍራዪ ክፋል ሕብረተሰብ ዝኾነ መንእሰይ እዩ።ሎሚ ንኣፍሪቃ ብናይ ሓንጎል ጉዕዞ ምስ እንኾላ ብውግእ ሕድሕድን ቀዛፊ ሕማማትን ክሕመስን ክቕዘፍን ክመዛበልን ጥራይ ኢኻ እትርኢ። እዚ ንኣፍሪቃውያን ናብ ምጽናት ገጹ ከምርሕ እንከሎ ንኤውሮጳውያን ከኣ ንኣፍሪቃ ኣሳፊሖም ዝቕመጡላ ሰዓት ትቀራረብ ዘላ ትመስል። ኣብ ዝሓለፈ ዘመናት ኣፍሪቃ ዕሙር ሕዛእቲ ኤውሮጳውያን ኮይና እያ ጸኒሓ፡ ሎሚ ግን ዓባይ ኣሜሪካ ነዚ ዕሙር ሕዛእቲ ፡ ኤውሮጳውያን በይኖም ክብሕትዎ ዓይና ስለ ዘየኽኣላ ኣብ ኣፍሪቃ እግራ ኣንቢራ ሃገራት ኣብ ምዕናው ትርከብ ኣላ።ኣሜሪካ ብሰለስተ ኩርንዓት ኣፍሪቃ ከደምቲ መንግስታት ፡ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ናይጀርያ፡ ኣብ

ደቡባዊ ሸነኽ ኣፍሪቃ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ምብራቓዊ ሸነኽ ኣፍሪቃ ከኣ ኢትዮጵያን ኬንያን መስሪታ ኣፍሪቃ ንምሕማስ ለይትን ቀትርን ኣስሚራ ብባሕርን ብኣየርን ብመሬትን ትንፋስ ዘለወንን ብኢደ እግረን ሰሪሐን ህላዌአን ንምርግጋጽ ለይትን ቀትርን ንዝሰርሓ ሃገራት ንምዕናው ትጓየ ኣላ።

ናይ ኣሜሪካ ዕንደራን ተጻባእነት ኣብ ልዕሌና ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ መላእ ዓለም ብምኻኑ ከም ኩሎም ኣብ ዓለም ዝተቐልቀሉ እምበራጠራያን መንግስታት ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ምድረ ገጽ ፈርከሸከሽ ኢሉ ምጥፍኡ ዘይተርፍ ንግዜ ዝግደፍ ነገር እዩ። ብዓቢኡ ከኣ ኣሜሪካ ካብ መዓስ እያ ኣብ ልዕሌና ሰላምን ራህዋን ሓሲባ እትፈልጥ ! ንሰላሳ ዓመት ከርፋሕ መነባብሮ ከነሕልፍን ክንቃለስን ኣዝዩ ረዚን መስዋእቲ ክንከፍል ዝተገደድናን ብሰንኪ ኣሜሪካ ደይኮነን ! ይኹን ናይ ምባል ባህሊ እንውንን ህዝቢ ስለ ዝኾንና ኢና እምበር ፡ መዓስ ረሲዕናዮ ኮይንና። ሕጂ ከኣ ኣሜሪካን ኮራኹራን ዝድላዮም የጕባዕብዑ ድምብርጽ ኣይብለናን እዩ፡ እቲምንታይሲ ነጻነትና ውን እንተኾነ ህይወትና ከፊልና ኢና ካብ ኣሜሪካን ሰዓብታ ናይ ምዕራብ ሃገራትን ጥራይ ዘይኮነስ እንተላይ ካብ ኣፍ ሶቭየትን ሰዓብታን  ኣምጺእናያ። ሎሚ ውን እንተኾነ ደምና ከፊልና ሃገርና ከነውሕስ ጽንዓትናን ተወፋይነትናን ካብቲ ናይ ቀደም ዝያዳ ሓይሉ እዩ ዘሎ ! ሃገርናን ነጻነትናን ንምውሓስ ከኣ ወትሩ ድሉዋት ኢና። ይሕሸና እንተ ኢሎም ይምጽኡ እሞ ኣብ ደሞም ክሕምብሱ ምኻኖም ኣብኣ ይፈልጥዋ። ህዝቢ ኤርትራ ከም ካልኦት ህዝቢ ኣፍሪቃ ኣይኮነን፡ ብመንነቱ ዝሕበንን ዝኾርዕን ፡ እግሪ ናይ ማንም ዘይስዕም ንእንጌራ ትኳቦ ዘየቋምት ዘሾርዕ ባህሊ ዝውንን ኣብ ርእሰኻ ምኽኣል ዝብል መትከል ዝኣምን ሰላም እምበር መሊቓቶ ውን ኲናት ዘይእውጅ፡ ንመንገዲ ሰላም ነጺጎም ሓዊ ንዝጽሕትሩ ነውራማት ከኣ ኣብታ ዝኣጎድዋ መጋርያ ዝልብልብ ቆራጽ ህዝቢ እዩ።

ኣሜሪካ ዝመራሒተን ናይ ምዕራብ ሃገራት ኤርትራ እንታይ ስለ ዝኣበሰት እዩ ክንድዚ ተጻብኦ ኢልና ንነብስና ምስ እንሓትት፡ እቲ መልሲ ንጹርን ብሩህን እዩ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ካብ ምዝዛም ካልኣይ ኲናት ዓለም ንደሓር ብጀካ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ፡ ኣብ ርእሰኻ ምኽኣል ዝብል መርሆ ረጊጹ  ሓድነት ህዝቡ ኣደልዲሉ ሽግራቱ ባዕሉ ንምፍታሕን ብኡ ኣቢሉ ናብቲ ካልኦት ብቍጠባ ዝማዕበላ ሃገራት በጺሐንኦ ዘለዋ ጥራይ ዘይኮነስ ኪኖኡ ንምብጻሕ ዝተበገሰትን ዝተንቀሳቐሰትን ሃገር የላን። ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ ምሉእ ዘይጉዱል ባህርያዊ ጸጋታት እንከለዋ ኣብ ረብሐኣን ከውዕለኦ ብዘይ ምኽኣለን ኣደዳ ሕማምን ጥምየትን ውግእ ሕድሕድን ብምኻን ህዝበን ከህልቓ ይርከባ።መግዛእቲ ነዘን ሃገራት እዚኣተን ንህዝበን ሓንጎሉን ኣተሓሳስብኡን ጠውዮም ባዕሉ ንባዕሉ ነብሱ ከም ሰብ ዘይኮነስ ማዕረ እንስሳ ዝስራዕ ትሑት ፍጥረት ጌሩ ከም ዝርድኣ ጌሮሞ። ነቲ ተፈታዊ ጸሊም ሕብሩ ከም ርኹስን ፍንፉንን ሕብሪ ከም ዝኾነ ጌሩ ክርድኣን ነብሱ ከም ዝጸልኣን ጌሮም ንሓንጎሉ ጠውዮሞ። እንተ ጠመየን እንተጸምኣን ሰሪሑ ዘይኮነስ ክሳዱ ኣንቃዕሪሩ ንሰማይ ክልምንን ኣእዳዉ ዘርጊሑ ናብ ጻዕዳ ክልምንን ኣረዲኦሞን ኣእሚኖሞን እዮም። ከምቲ እቶም ጸዓዱ ዝኣምኑሉ፡ ንሰብ ክትቀትሎ ኣቐዲምካ ሓንጎሉ ተልምሶ ብድሕሪኡ ንምቕታሉ ጸገም የሎን ይብሉ።ብኸምዚ ከኣ እነሃለ ኣፍሪቃ እናረኣናያ ትጠፍእን ትጸንትን ኣላ።

ንሕና ኤርትራውያን ግን ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ ነጻ ኢና። ስለ ዝኾንና ኢና ከኣ ገሊኦም ነጻነቶም ከም ህያብ ክረኽቡ እንከለዉ ፡ ንሕና ግን ተነፊግና ብሓንቲ ድሕርቲ ኣፍሪቃዊት ሃገር ከም እንጉበጥ ተጌሩ። በዚ ከኣ ነዛ ነጻነትና ንምምጻእ በይናን ተቓሊስና ሰንኪልና ኣዝዩ ረዚን መስዋእቲ ከፊልና ነጻነትና ብስሙር ቅልጽምና ኣምጺእናያ። ብናይ ሓደ ዘመን መግዛእቲ ቍጠባኣ ፍጹም ዝዓነወ ሃገር ተረኪብና። ነብስኻ ምኽኣል ! ነጻነትና ብደምና ህንጸት ሃገርና ከኣ ብረሃጽና ! ኢልና ኩልና ብሓባር ካብ ጻት ንጻት ሃገር ኣብ ምህናጽ ተዋፊርና ኣብ ዓለም ዘይተራእየ ተኣምር ዝሰራሕናን ገና ውን ንሰርሕ ዘሎናን። እዚ ንሃገራት ኣፍሪቃ ከም ኣብ ድቕድቕ ጸልማት ድሙቕ ብርሃን ዝህብ ኮኾብ ብሩህ እዩ። እዚ ኮኾብ ብሩህ ብዝህበን ብርሃን ከኣ ሃገራት ኣፍሪቃ ሓደ ድሕሪ ሓደ በቲ ንሕና ንጎዓዞ ዘሎና መንገዲ ተጓዒዘን ሽግርን ጸበባን ውግእን ወረ ውግእን ደሓን ኩኒ ኢሎም መላእ ኣፍሪቃ ገነት ኣብዛ ፕላኔት ዝኾኑ። ብኣንጻሩ እቶም ብደምን ስጋን ኣፍሪቃውያን

ፍሰሃ ዝመልኦ ናብራ ዘሕልፉ ዘለዉ ናይ ምዕራብ ሃገራት ብበረድ ከርዲዶም ካብ ምድረ ገጽ ዝጠፍኡ። እምበኣርከስ እዚ ከይመጾም እዮም ነቶም ኣብ ጻዕረ ሞት ዘለዉ ኣፍሪቃውያን ንምድሓን ከም ልኡኽ ናይ ፈጣሪ ብርሃን ወሊዓ ኣጆኹም ንእትብል ዘላ ኤርትራ ንምጥፋእ ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዘለዉ።
ኣብ መላእ ዓለም ዘሎኻ ኤርትራዊ ኣጆኹም ኣጆና ! ንናይ ጸላእትና ሚሊ ሜተር ምንቅስቓስ ከነቋምት ኣሎና! ኤርትራና ብደም ቀያሕቲ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ክቡር መስዋእቲ እያ መጺኣ ! ነዛ ሃገር እዚኣ ዝትንክፍ ወይለኡ ! ናይ ኣሜሪካን ፈረንሳን ንጂቡቲ ብቅድም ጌርካ ንኤርትራ ንምህራም ዝጥንሰስ ዘሎ መናውራ ቅጭጭ ኣይብለናን እዩ፡ እቲምንታይሲ ከይተበገሰ ከሎ ዝፈሸለ ናይ ፍሹላት ኣተሓሳስባ ስለ ዝኾነ። ኢትዮጵያ ኣብ ሶማል ፈትያ ክሳብ እትጸልእ ተዳሂኻ ሕፍረት ተሰኪማ እያ ወጺኣ። ኣብቲ ናይ ኣሜሪካን ፈረንሳን ጂቡትን ትያትር ንሰራዊት ኤርትራ ንምክፍፋልን ንጂቡቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኰናት ከም እትኸፍት ጌርካ  በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ ኢትዮጵያ ውግእ ከፌታ ንዓሰብ ቆሪጻ ንምሓዝ ዝጥንስስዎ ዘለዉ ሸርሒ ኣይጠፋኣናን እዩ። „ ከልብስ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ስጋ እምበር ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ ዱላ ነይርኢ“  ይምጽኡ እሞ ኣብኣ ኣብታ ተዳልያትሎም ዘላ መጋርያ ሓዊ እናገላበና ከነሕርሮም ኢና። ንሕና ዝያዳ ብኹሉ መዳይ ንኹሉ እንተታት ድሉዋት ኮይንና ኣብ ተጠንቀቕ ክንጸንሕ ኣሎና። መንግስትና ርእሰ ማሉ ህዝቡ እዩ፡ ህዝቢ ከኣ ንሕና ኢና። ጀጋኑና „ ኤርትራ ሃገርና ብዝረብሑን ዘይረብሑን ከይትድፈር „  ሓደራ ኢሎሙና እዮም፡ መስዋእቲ ሓላላት ኣሕዋትናን ኣሓትናን ብላሽ ኮይኑ ከይተርፍን ህያብ ሰማእታትና ዝኾነት ሃገርና ዳግም ብኢትዮጵያ ከይትድፈርን ከይትትገበጥን ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ነቶም ከዳዓት ገዲፍካ ክሳብ መጨረሽታ ንጣብ ደምና ከፊልና ነጻነትና ክንዕቅብ ወትሩ ድሉዋትን ዕጡቓትን ኮይንና ክንጸንሕ ኣሎና! ዝያዳ ኩሉ ክንፈልጦን ከነስተብህለሉን ዘሎና , ኣሜሪካ ህላወ ኤርትራ ከም ሃገር ፈጺሙ ዘይተዋሕጠላን ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ኢትዮጵያ ከምቲ ናይ ቀደም ብባርኾት ኣሜሪካ ንኤርትራ ክትጎብጣ ብመደብ ዝተታሕዘ ጥንስስ ኣሜሪካ ምዃኑ ክንፈልጥ ይግባእ።ነዚ ተገንዚብና ከኣ ኣብ ዝሃለና ንሃሉ ሃገርና ብቑጠባ ሰማይ ክንሰቅል፡ ብወተሃደራዊ ዕጥቂ ድማ ካብ ጽፍሪ እግርና ክሳብ ኣፍንጫና ክንዓጥቕን ፡ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ብወተሃደራዊ ንቕሓት በሲሉን ኣብ ዝኾነ እዋን ቅሩብን ሓያልን ሰራዊት ክኸውን ማሕበራዊ ሓይልና ሓድነትና ከም ሓጺን ኣትሪርና መን ብዘየገድስ ንዝመጸ ወራሪ ሰራዊት ሓንሳብን ዘየዳግምን ክንሕምሽሽ ክንክእል ኣሎና። እዚ ንሕና ኢና እንሃንጾን እነተግብሮን። ከምቶም ሰማእታትና ሃገረይ ሽግርን ጸበባን በዚሑ መሬት ከም ኣፍ ዕንቍ ትጽበብ ኩለንትናይ ንዓኺ ፡ ንዓኺ ዝበቅ ነገር የሎን እናበሉ እዮም ንኹሉ ሕሰምን መከራን ተጻዊሮም ምስ ጥሙይ ከብዶም ንቑጽ ጎሮሮኦም ክብርቲ ህይወቶም ከፊሎም ነጻነት ኣረኪቦሙና ዝሓለፉ። ንሕና ከኣ ሕድርና ኣብ ግብሪ ክንትርጉም ኣሎና ! ሃገርን ነጻነትን ዘይብሉ ምንባር ፡ ምንባር ስለ ዘይኮነ ኣብዛ እዋን እዚኣ ኩሉ ዓቕምና ንህላወ ሃገርና ኢልና ክንትስእ ኣሎና። ነባሪ ጽቡቕ ታሪኽ እምበር ነባሪ ህይወት የሎን። ሎሚ ስጋ ጽባሕ ግን ሓመድ ኢና ከም ኩሎም ቅድሚና ዝነበሩ ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብዛ ዓለም ንጠፍእ ፡ መዓስ ኢልና ምስ እንሓትት ሎሚ ክኸውን ይኽእል ወይ ውን ጽባሕ ንፈልጦ ነገር ኣይኮነን። ሃገርናን ህዝብናን ረሲዕና ሃብቲ እንተ ደለብናዋሃ ዘበለ ቪላ እንተሰራህና ካብ ሞት ኣየድሕነና ወይ ውን ኣብቲ ዝሰራሕናዮ Vኢላ ኣይንቕበር ወይ ውን ሒዝናዮ ንመቓብር ኣይንኸይድን ኢና ከምታ ካብ ማሕጸን ኣዲና ብሜትሮ ዓለባ ዝተቐበላን ክንመውት ከሎና ብኽልተ ሜትሮ ዓለባ ተገኒዝና ኢና ኣብታ ዘለኣለማዊት ጉድጓድ እንኣቱ።እዚ ካብ ኮነ ደኣ’ሞ ንምንታይ ንምንባር ፡ እሞ ነዚ ዓይነት ምንባር ህዝብናን ሃገርናን  ንርስዕ ! ኣጆኹም ኣጆና እተን ካላሽንን ታንክታትን ሴፍን ጎራዴን ናይ ሰማእታትና ኣለዋ ከም ቀደመን እኳ ደኣ ዝያዳ በሊሐን ! ንሕና ኢና እነልዕለን ሕድሪ ተቐቢልናየን ኢና ሕድርና ከኣ ኣብ ኣሰሮም ረጊጽና ክንትግብሮ ኢና።

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና!
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!